FOLK
TAND
VÅRDEN
SKÅNE



# ብዛዕባ ብኸባኸ ስኒ (ካርየስ)

ብኸባኸ ስኒ: ዚጓድኡ ባክተርያ ኣብ ኣስናን ኣሲድ ኪፈጥሩ ከለዉ
ዚኽሰት ሕማም'ዩ።

**ስለምንታይ ኣብ ስነይ ነኳል ይወጽእ፧**
ሽኮር ወይ ካልእ ካርቦሃይድሬት ዘሎዎ መግቢ ክትበልዕ ከለኻ ወይ መስተ ክትሰቲ ከለኻ: እቶም ባክተርያ ንስኒ ዚበልዕ ኣሲድ ይፈጥሩ። እዚ መጥቃዕቲ ኣሲድ'ዚ ንኣስታት ፍርቂ ሰዓት ኣቢሉ ይቕጽል። ዚበዝሕ እዋን ኣብ ኣፍ ዘሎ ምራቕ ነቲ ዚኽሰት መጕድእቲ ኪከላኸሎ ይኽእል'ዩ። ኣብ ምራቕ ፍሎሪን ዚብሃል ባእታ እንተሎ: ንኣብነት መዓልቲ-መዓልቲ ስንኻ ፍሎሪን ብዘሎዎ ናይ ስኒ ክሬም ትሓጽቦ እንተ ኾይንካ: እቲ ናይ ምራቕ ምክልኻል ዕማም ብጽቡቕ ይሰርሕ።

**ኣብ ስነይ ነኳል ከይወጽእ ብኸመይ ከወግድ እኽእል፧**
እቲ ኣውራ ኣገዳሲ ነገር: ጽሬት ኣፍካ ምሕላውን፧ ኣስናንካ ክልተ ሳዕ ንመዓልቲ ፍሎሪን ብዘሎዎ ናይ ስኒ ክሬም ብጥን ቃቕ ኣብ መፈላለይኡ ምጽራይ እዩ። ሽዑ ባክተርያ ኪለግቡ ኣይክሉን። ኣብ ንቡር ግዜ ምብላዕ ፈትን፧ ኣመንጕኻ ጸጸኒ ሕካ ምብላዕ'ውን ኣወግድ። ምኽርና: ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ሳዕ ንመዓልቲ (ጠዓሞት ጸብጺብካ) ምብላዕ'ዩ።

**ነኳል ስኒ ከም ዘሎኒ ብኸመይ እፈልጥ፧**
ፈለማ መጕዳእቲ ካርየስ ኣብ ስኒ ኪጅምር ከሎ: ከም ጻዕዳ ንቕጣ ወይ ሕንጻጽ ኣብ ስኒ ይረአ። ናይ ፈለማ ብኸባኸ ስኒ: ኣይስምዓካን'ዩ፧ እቲ ነኳል ኪጕድጕድ ከሎ ግን ስንኻ ይኂኹየካ። ሓደ ካልእ ምልክት ከኣ: ስንኻ ክትሕይኽሉ ከለኻ የሕ ምመካ። ቃንዛ ስኒ እንተ ጀሚሩካ: እቲ መጕዳእቲ ስኒ ድሮ ዓሚቑ ከም ዘሎ ምልክት'ዩ።

**ነኳል ኪፍጠር ዘጋድድ ሓደጋ፧**
ኣብ ስንኻ ብቐሊሉ ነኳል ዚወጸካ እንተ ኾይኑ: ስንኻ ብዝሓሸ ኣገባብ ንምክልኻል: መዓልቲ-መዓልቲ ኣፍካ እትጕጽጕ ጸሉ ተወሳኺ ፍሎሪን ከድልየካ'ዩ። ኣዛይድካ ናብ ሓኪም ስኒ ምኻድ'ውን ከድልየካ'ዩ። ብምኽንያት ምውሳድ መድሃኒት ወይ ሕማም ዚኽሰት ድርቀት ኣፍ: ኣብ ስንኻ ነኳል ናይ ምውጻእ ሓደጋ ከጋድዶ ይኽእል'ዩ።

እቲ ዝበለጸ ምኽርና

- ስሩዕ ግዜ መግቢ
  (4-6 ሳዕ ንመዓልቲ ምምጋብ)።
- ስኒ ምሕጻብ ንጕሆን ምሸትን ብፍሎሪን ዘሎዎ ናይ ስኒ ክሬም።
- ብኸባኸ ስኒ (ካርየስ) ንምክልኻልን ንምውጋድን በብእዋኡ ሓኪም ተረአ።